# ሓደስቲ መጻእቲ ወለዲ እዋናዊ ሓበሬታ

ምስ ኣገልግሎት ኢሚግራንት- ጉልፍ ዌሊንግተን ብምትሕብባር ነዚ ወርሓዊ ሓድሽ ሓበሬታ ምሳኹም ከነካፍለኩም ብሓጎስ ንሕብር። ካብ ማሕበረሰብና ዝመጹ ተዛረብቲ ትግርኛ ወለዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኣየኖት ኣርእስታት ክንዛራረበሎም ወሲኖም ኣለዉ። ንvalerie.karunaratne@wellingtoncdsb.ca ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ንዝርከብ ሰራሕተኛ SWIS ርኸቡ እንተድኣ: ብዛዕባ እዞም ኣርእስትታት ወይ ርእይቶ እንተሃልዩኩም ኣብ መጻኢ ሕታም ክድህሰስ እትደልዩ ኣርእስቲ እንተሃልዩኩም

## ምዝገባ መዋእለ ህጻናት

ኣብ መስከረም **2025** መደብ መዋእለ ህጻናትና ንኽጅምሩ ተማሃሮ ንቕበል ኣለና።ኣብ መንጎ **1** ጥሪ **2021**ን ታሕሳስ **31 2021**ን ዝተወልዱ ህጻናት ክምዝገቡ ይኽእሉ።

ንምምዝጋብ ናይ ቋንቋ ደገፍ ዘድልዮም ስድራቤታት ንኣሊሲያ ዶቭባን ኣብ ኣገልግሎት ስደተኛታት ጉልፍ ዌሊንግተን ክረኽብዋ ይኽእሉ። ሞባይል: **226-332-0785** ኢመይል: **adovban@is-gw.ca**

ኣብዘን ዕለታት እዚኣተን ኣብ ካቶሊካዊት ኣብያተ ትምህርቲ ዌሊንግተን ምዝገባ ንምድጋፍ ኣገልግሎት ስደተኛታት ክቐርብ እዩ፤

ሴንት ፓትሪክ: **20**ን **27**ን ጥሪ ምሉእ መዓልቲ
ሴንት ፍራንሲስ: **23**ን **30**ን ጥሪ ምሉእ መዓልቲ: **24** ጥሪን **31** ጥሪን ንግሆ ጥራይ
ሴንት ፔተር: **22**ን **29**ን ጥሪ ምሉእ መዓልቲ: **23** ጥሪን **30** ጥሪን ንግሆ ጥራይ
ሴንት ጆሴፍ: **22**ን **29**ን ጥሪ ምሉእ መዓልቲ: **21** ጥሪን **28** ጥሪን ንግሆ ጥራይ

ንኣገልግሎት ስደተኛታት ጉልፍ ዌሊንግተን ንዝህበና ደገፍ ንምእማኑ ዘጸግም ምስጋና ኣለና።
ብዛዕባ መደብ መዋእለ ህጻናት ዝያዳ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ: በጃኹም ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ።



## ቴማታት ሳይንስን ማሕበራዊ መጽናዕትን

1ይ ክፍሊ ሳይንስ ድሌታትን ባህርያትን ህያዋን ነገራት: ጸዓት ኣብ ህይወትና: መዓልታዊ ንዋት ኣቕሑን ኣቃውማን: መዓልታዊን ወቕታዊን ለውጢ

1ይ ክፍሊ ማሕበራዊ መጽናዕቲ ተለዋዋጢ ተራ: ሓላፍነትን መንነትን እቲ ከባቢ ማሕበረሰብ

2ይ ክፍሊ ሳይንስ ዕብየትን ለውጥን ኣብ እንስሳታት: ቀለልቲ ማሽናት: ባህርያት ምንቅስቓስ ፈሳስን ደረቕ ነገራትን: ዑደት ኣየርን ማይን።

2ይ ክፍሊ ማሕበራዊ መጽናዕቲ ስድራቤታውን ማሕበረሰባውን ልምድታት ህዝብን ዓለማዊ ማሕበረሰባትን


## ቋንቋኻ ምሓዝ

ኣብ ገዛኻ ቋንቋ ስድራቤት ምዝራብ ንዓወት ደቅኻ ኣገዳሲ'ዩ!
ቋንቋኻ ምጥቃምካ ምቕጻል ዘለዎ ኣወንታዊ ባህርያት ኣብ ግምት ንምእታው ነዚ ጸጋ ተጠቐመሉ።

ዓረብኛ

ኢንግሊሽ

ትግሪኛ




ደቅኻ ክዕወቱ እንተደሊኻ: ቋንቋ ገዛኻ ተጠቐም!

ትግርኛ ትርጉም ብዩሱፍ ገብረሚካኤል: ፎርቱና ተኽላይን ብፊልሞን ወልደሳሙኤልን።

## ኣገዳስነት ምልከት ቋንቋ

ድልዱልክእለት ኣፋዊ ቋንቋ ኣብ ዝኾነ ቋንቋ ንኽእለት ምጽሓፍን ምንባብን መሰረት እዩ።

ስሉጥነትሓደ ኣንባቢ ብቕልጣፈን ብትኽክለኛነትን ብግቡእ ኣገላልጻን ናይ ምንባብ ክእለት'ዩ። ንባብ ሓደ ቆልዓ ስሉጥ እንተዘይኮይኑ: ነቲ ዘንብቦ ናይ ምርዳእ ዓቕሙ ይሳቐ።

ስሉጥኣንበብቲ ብዘይ ጻዕሪ ነቲ ዘንብብዎ ዘለዉ ቃላት ብኣውቶማቲክ ከለልይዎ ይኽእሉ። ተማሃሮ ስሉጥ ጌሮም ከንብቡ ከለዉ ርእሰ ተኣማንነቶም ይውስኽ፣ ከንብቡን ነቲ ዘንበብዎ ዝሓሸ ርድኢት ክህልዎምን ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ።

ንዝያዳሓበሬታ ነዛ ቪድዮ ክትከታተሉ ትኽእሉ ኢኹም።




መልእኽተኛ ቤት ትምህርቲ( School Messenger)
ካብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእ ውላድኩም ዝመጽእ ለውጢ ኣብ School Messenger (Safe Arrive) App ንምምዝጋብ ዝገበርኩምዎ ቀጻሊ ጻዕሪ ነመስግነኩም።

# ሓደስቲ መጻእቲ ወለዲ እዋናዊ ሓበሬታ

ምስ ኣገልግሎት ኢሚግራንት- ጉልፍ ዌሊንግተን ብምትሕብባር ነዚ ወርሓዊ ሓድሽ ሓበሬታ ምሳኹም ከነካፍለኩም ብሓጎስ ንሕብር። ካብ ማሕበረሰብና ዝመጹ ተዛረብቲ ትግርኛ ወለዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኣየኖት ኣርእስታት ክንዛራረበሎም ወሲኖም ኣለዉ። ንvalerie.karunaratne@wellingtoncdsb.ca ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ንዝርከብ ሰራሕተኛ SWIS ርኸቡ እንተድኣ: ብዛዕባ እዞም ኣርእስትታት ወይ ርእይቶ እንተሃልዩኩም ኣብ መጻኢ ሕታም ክድህሰስ እትደልዩ ኣርእስቲ እንተሃልዩኩም

## ስርዓተ ትምህርቲ ኦንታርዮ

ተማሃሮ ኣብ ክፍልታት ኦንታርዮ ኣየኖት ናይ ስርዓተ ትምህርቲ ኣርእስታት ከም ዝመሃሩ ምፍላጥ፡ ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝህልወሉ እዋን እንታይ ከም ዝተቓልዐ ብዝበለጸ ንምርዳእ ክሕግዘካ ይኽእል።

ስርዓተ ትምህርቲ መባእታ (መዋእለ ህጻናት–8) ንወለዲ ብኢንተርነት ኣብዚ ይርከብ።

ስርዓተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (9–12 ክፍሊ) ንወለዲ ብኢንተርነት ኣብዚ ይርከብ።

በጃኹም ነዚ ሊንክ ተጠቐሙ ኣብ መላእ 1–4 ክፍሊ ትጽቢታት ምጽሓፍን ምንባብን ዝገልጽ ሰንጠረዥ ርኣዩ።

ኣብ ሪፖርት ካርድ ውላድካ፡ እቲ **ESL** ሳጹን ምልክት ምስ ትገብረሉ፣ ውላድካ ኣብ ተለዋዋጢ ዕላማታት ዝተመርኮሰ ገምጋም ብቕዓት እንግሊዝኛ ተገይሩሉ ማለት ኢዩ።



| Language | | | |
|---|---|---|---|
| Reading, Writing, Oral Communication, Media Literacy | | | |
| ☑ ESL/ELD ☐ IEP ☐ NA | | | |

እዚ ሳጹን እዚ ኣብ ውሑዳት ወይ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይቲ ስርዓተ ትምህርቲ ኪርአ ይከኣል ኢዩ።

## ሰላም ስድራቤታት፣

ኣብ ዌስት ጉልፍ መባእታ ቤት ትምህርትናን ኩለን ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርትናን ንግምግም ኣለና፣ እዚ ድማ ምዝገባ ሚዛን ንምሃብ ይሕግዝ። እዚ ድማ ኣብ ገለ ኣብያተ ትምህርቲ ልዕሊ ዓቐን ዋሕዚ ተምሃሮ ንምፍዋስን ነቲ ዘሎ ቦታ ብዝበለጸ ንምጥቃምን እዩ።
ንስኻን ስድራቤትካን ክትሳተፉ ኣገዳሲ እዩ፣ ሓገዝኩም የድልየና እዩ – ከም ማሕበረሰብ ፍታሕ ክንረክብ ኣለና።
በጃኹም ኣብ
- **26** ሕዳር ካብ ሰዓት **5:30 – 7** ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ካቶሊካዊት ሴንት ፔተር
- ሕዳር **27** ካብ ሰዓት **5:30 – 7** ኣብ ካቶሊካዊት ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣዋር ሌዲ ኦፍ ሉርድስ

ዝስተ ዝኾነ ነገር ክቐርብ እዩ፣ ከምኡ'ውን ንህጻናት ዘዘናግዕ ንጥፈታት ክቐርብ እዩ።
ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ናይ መጓዓዝያ ሓገዝ ምስ እትደልዩ በጃኹም ምስ ሰራሕተኛ **SWIS** ርኸቡ፤
ኣብ ቅ. ዮሴፍ ንኣስማይት– ብኢመይል–**aafewerqi@is-gw.ca** ወይ ብቑጽሪ ስልኪ **2268214454** ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብ ቅ. ፍራንሲስ ንዳናይት– ብኢመይል–**dafewerqi@is-gw.ca** ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን **519-831-1281** ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብ ሴንት ፔተር ንሰምሃል– ብኢመይል– **szewolde@is-gw.ca** ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን **226-332-0790** ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምህናጽ ኣፋዊ ቋንቋ

ወለዲ ንደቆም ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ መዓልታዊ **1** ናይ ስእሊ መጽሓፍ ዘንብብሎም እንተ ኮይኖም፡ ኣብ ዓመት ንደቆም ብገምጋም **58,000** ቃላት የላልይዎም። ወለዶም ኣብ መዓልቲ ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ዘንብቡሎም ንኣሽቱ ህጻናት ካብቶም ተነቢቦምሎም ዘይፈልጡ ቆልዑ ኣስታት **1.4** ሚልዮን ዝያዳ ቃላት ሰሚዖም ናብ መዋእለ ህጻናት ይኣትዉ። – ናይ ሚልዮን ቃላት ፍልልይ።




ብዛዕባ ከመይ ጌርካ መጽሓፍ ዛንታታት ምስ ውላድካ ከም እተካፍል ሓሳባት ንምርካብ ነዛ ቪድዮ ርኣያ።

## ኣገዳስነት ድምጺ

ድልዱል ክእለት ኣፋዊ ቋንቋ ኣብ ዝኾነ ቋንቋ ንኽእለት ምጽሓፍን ምንባብን መሰረት እዩ።

ድምጺ ማለት ኣብ መንጎ ኣብ ቃላት እንሰምዖም ድምጽታትን ንምጽሓፍ ንጥቀመሉ ፊደላትን ዘሎ ርክብ የመልክት። ብቐሊሉ ንምግላጽ ድምጺ ማለት ተማሃሮ ቃላት ብትኽክል ንምንባብን ንምጽሓፍን ቅዲ ፊደላት ክጥቀሙ ይኽእሉ ማለት እዩ።

“Improv Yor Smelling” ዝብል ነጻ ዲጂታላዊ መጽሓፍ ኮይኑ፡... ንሕግታት ኣጸሓሕፋ ቃላት እንግሊዝኛ ይገልጽ።




መልእኽተኛ ቤት ትምህርቲ( School Messenger)
ካብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእ ውላድኩም ዝመጽእ ለውጢ ኣብ School Messenger (Safe Arrive) App ንምምዝጋብ ዝገበርኩምዎ ቀጻሊ ጻዕሪ ነመስግነኩም።

# ሓደስቲ መጻእቲ ወለዲ እዋናዊ ሓበሬታ

ምስ ኣገልግሎት ኢሚግራንት- ጉልፍ ዌሊንግተን ብምትሕብባር ነዚ ወርሓዊ ሓድሽ ሓበሬታ ምሳኹም ከነካፍለኩም ብሓጎስ ንሕብር። ካብ ማሕበረሰብና ዝመጹ ተዛረብቲ ትግርኛ ወለዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኣየኖት ኣርእስታት ክንዛራረበሎም ወሲኖም ኣለዉ። ንvalerie.karunaratne@wellingtoncdsb.ca ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ንዝርከብ ሰራሕተኛ SWIS ርኽቡ እንተድኣ: ብዛዕባ እዞም ኣርእስትታት ወይ ርእይቶ እንተሃልዩኩም ኣብ መጻኢ ሕታም ክድህሰስ እትደልዩ ኣርእስቲ እንተሃልዩኩም

## ኣብ ዝመጽእ ዋዕላታት ወለዲን መምህራን

ሰሉስ 12 ሕዳር፡ ወለዲ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ህጻናት፡ ናይ ውላዶም (ደቆም) ጸብጻብ ምዕባለ ክቕበሉ እዮም። ንናይ ገዛን ቤት ትምህርትን ሽርክነት ንምሕያል ዋዕላ ወለድን መምህራንን ክትሕዙ ንዕድም። ዋዕላታት ወለድን መምህራንን ብዛዕባ ምትዕርራይ ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርትን ኣካዳሚያዊ ምዕባለን ክትዘራረቡሉ ዓቢ ዕድል እዩ ። ምስ መማህራን ውላድካ (ደቅኻ) ኣኼባ ክትገብር እንተደሊኻ፡ ሰራሕተኛታት SWIS ንትርጉም ናይዞም ኣኼባታት ንምድጋፍ ድሉዋት እዮም። በጃኹም ምስቲ ኣብ ቤት ትምህርትኹም ዝተመደበ ሰራሕተኛ SWIS ብዛዕባ ናይ ግዜ（ቆጸራ） ምሓዝ ተዘራረቡ። ኣብ ሴንት ፒተር፣ : ሴንት ጆሴፍ፡ ሴንት ሮዘሪ፡ ሴንት ፍራንቸስኮን ሴንት ፓትሪክን ንዝርከቡ ብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረቡ ወለዲ ንምድጋፍ፡ ኣብ መንጎ 14 ሕዳርን 28 ሕዳርን ዝተፈላለየ ዕለታትን ሰዓታትን ምስ ሰራሕተኛታት SWIS ክቐርብ እዩ። ምስ ቤት ትምህርቲ ድልዱል ምትእስሳር ውላድካ ዝበለጸ ናይ ትምህርቲ ተመኩሮ ንኽህልዎ ክሕጕዞ ኢዩ።

## ቅድመ ንባብ መርመራ

ካብ ጽድያ **2024** ጀሚሩ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኦንታርዮ ኣብያተ ትምህርቲ “ኣቐዲሙ ንባብ ዝምርምር” ከካይዳ ኣዚዙ ኣሎ። ኣብ **2**ይ ዓመት መዋእለ ህጻናት፣ **1**ይ ክፍልን **2**ይ ክፍሊን ዝመሃሩ ተማሃሮ ምስ መምህር ክፍሎም **1** ምስ **1** ብዝብል ምድላው ነቲ ምርኢት ክዛዝምዎ እዮም። እቲ መርመራ ንብቕዓት ንባብ ዘድልዩ መሰረታዊ ክእለታት ይግምግም ። ብኣግኡ ምጽራይ ንባብ ንፍሉይ ድሌታቱ ክንድግፍ ምእንቲ፡ ንውልቃዊ ምዕባለ ንባብ ውላድኩም ንምርዳእን ንምሕባርን ዝሕግዘና መሳርሒ እዩ። እዚ ሓድሽ መርመራ ከም ኣካል ናይ ውላድካ ነጥቢ ኣይግምገምን እዩ፣ ኣብ ክንድኡ ግን ብቕዓት ንባብ ንምምዕባል ዘድልዮም ደገፍ ንምልላይ ክሕግዝ እዩ። መምህራን ምሳኻ ክራኸቡ ኮይኖም ብዛዕባ ጥንካረታት ውላድኩም፣ ዘድልዮም መዳያት ክዛተዩን ምስ ግዜ ዕብየቱን ምዕባለኡን ኣብነታት ከካፍሉ እዮም። ውጽኢት ናይቲ ቀዳማይ መርመራ ኣብቲ ናይ ውላድካ ናይ መጀመርታ ሪፖርት ካርድ (ኣብ ለካቲት **2025** ዝወጽእ) ክሕበር እዩ፡ ውላድካ ኣብቲ መርመራ ዝገብረሉ እዋን ነቲ ናይ መርመራ መዐቀኒ ኣማሊኡ ድዩ ኣየማልአን ዝብል ድማ ክሕብር እዩ። ብዛዕባ ምዕባለ ውላድኩም ሕቶታት እንተሃልዩኩም፡ በጃኹም ንመምህሮም ወይ ምስ ርእሰ መምህር ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ተወከሱ።

## ኣከዳድና ንኹነታት ኣየር ካናዳ

መብዛሕትኡን መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ዌሊንግተን ካቶሊክ ኣብ መዓልቲ 2 ግዜ ተማሃሮ ንዕረፍቲ ናብ ደገ ይወጹ። ተማሃሮ ምስ መዛኑኦም ኣብ ዝጻወቱሉ እዋን ምውስዋስ ኣካላት ንምግባርን ሓፈሻዊ ስፖርታዊ ምንቅስቓስን ማሕበራውን ክእለት ንኸማዕብሉን ናይ ደገ ግዜ ኣገዳሲ እዩ። ሕዳር እናቐረበ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ንተማሃሮ ዘማሙቕ ክዳን ምልባስ ኣብ ደገ ግዜ ንኸስተማቕሩ ኣገዳሲ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና። በረድ ዝበዝሖ ኩነታት ኣየር መዓስ ከም ዝጅምር ፈጺምና ክንግምቶ ኣይንኽእልን ኢና ግን እዚ ተወሳኺ ናይ በረድ ክዳውንቲን ጫማን（ቡትን） ከም ዘድልየና የርኢ። ውላድካ (ደቅኻ) ኣብ እዋን ክረምቲ ካናዳ ንደገ ዝኸውን ኣከዳድና ዝበለጸ ውጽኢታዊ ቅደም ተኸተል ንኽመሃሩ ምሕጋዝ ናይ ደገ ግዜ ንኸስተማቕሩ ክሕግዞም ይኽእል እዩ!




## ኣገዳስነት ንቕሓት ድምጺ

ድልዱል ክእለት ኣፋዊ ቋንቋ ኣብ ዝኾነ ቋንቋ ንኽእለት ምጽሓፍን ምንባብን መሰረት እዩ። ድምጻዊ ንቕሓት፡ ሓደ ህጻን ኣብ ዝተዘርቡ ቃላት ውልቃዊ ድምጽታት ናይ ምልላይ፡ ምትዕጽጻፍን ምፍላይን ክእለት የመልክት። ሓደ ቆልዓ ንባብ ቅድሚ ምምሃሩ፡ ዝሰምዖም ዘለዉ ቃላት፡ ድምጽታት ብዝብሃሉ ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት ድምጽታት ከም ዝቐሙ ክርድእ ክኽእሉ ኣለዎ። እዚ ርድኢት እዚ ምስ ማዕበለ፡ ተማሃሮ ነቲ ብቓላት ዝሰምዕዎ ድምጽታት ክሰምዕዎ፡ ከወሃሁዱዎ፡ ክመቓቕልዎን ክቆጻጸርዎን ክኽእሉ ኣለዎም። ንቕሓት ድምጻዊ ምዕባለ ንባብን ኣጸሓሕፋ ፊደላት ይድግፍ። ድምጽታት : ንህጻናት ኣብ ቃላት ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ድምጽታት ከለልዩን ከተኩሩን የኽእሎም ። ንቕሓት መብዛሕትኡ ግዜ ብህርመት እዩ ዝጅምር፣ ንኣብነት ህጻናት ህርመት ስሞም ከጣቕዑ። ድሕሪኡ ቈልዑ ፊደላት ኣብ ዝተፈላለየ ድምጽታት ምምቃልን ዝተፈላለዩ ቃላት ንምፍጣር ምክኣልን ይመሃሩ። ድሕሪኡ ርክብ ፊደልን ድምጽን ክተኣታቶን ካብዚ ነጥቢ እዚ ጀሚሩ ህጻናት ብሓንሳብ ክእለት ድምጽን ድምጽን ኣብ ፊደላትን ክምሃሩ ይኽእሉ።

መልእኽተኛ ቤት ትምህርቲ( School Messenger)
ካብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእ ውላድኩም ዝመጽእ ለውጢ ኣብ School Messenger (Safe Arrive) App ንምምዝጋብ ዝገበርኩምዎ ቀጻሊ ጻዕሪ ነመስግነኩም።

# ሓደስቲ መጻእቲ ወለዲ እዋናዊ ሓበሬታ

ምስ ኣገልግሎት ኢሚግራንት- ጉልፍ ዌሊንግተን ብምትሕብባር ነዚ ወርሓዊ ሓድሽ ሓበሬታ ምሳኹም ከነካፍለኩም ብሓጎስ ንሕብር። ካብ ማሕበረሰብና ዝመጹ ተዛረብቲ ትግርኛ ወለዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኣየኖት ኣርእስታት ክንዛራረበሎም ወሲኖም ኣለዉ። ንvalerie.karunaratne@wellingtoncdsb.ca ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ንዝርከብ ሰራሕተኛ SWIS ርኸቡ እንተድኣ: ብዛዕባ እዞም ኣርእስትታት ወይ ርእይቶ እንተሃልዩኩም ኣብ መጻኢ ሕታም ክድህሰስ እትደልዩ ኣርእስቲ እንተሃልዩኩም

IMMIGRANT SERVICES Guelph-Wellington

Wellington Catholic District School Board

## ኣጠቓቕማ ቤተ መጻሕፍቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ

መባእታ ቤት ትምህርቲ:- ኣብ መዋእለ ህጻናት-8ይ ክፍሊ ዝርከቡ ተማሃሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ኣብ ቤት ትምህርቲ ናብ ቤተ-መጻሕፍቲ ዝበጽሕሉ መዓልቲ ኣለዎም። ተማሃሮ ኣብ ሰሙን ካብ ቤተ-መጻሕፍቲ መጽሓፍቲ ወሲዶም ብዘይ ወጻኢታት ናብ ገዝኦም ሒዞም ክመጹ ይኽእሉ። እዞም መጻሕፍቲ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝተለቅሑ ኣብ ዝቕጽል ሰሙን ክምለሱ ኣለዎም። ሓላፍነት ዝስምዖ ኣባል ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ምኧን ማለት ተማሃሮ ብዘይ ስእሊ: ምፍሳስ መግቢ ወይ ብዘይምቕዳድ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት መጻሕፍቲ ክመለሱ ማለት እዩ። ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ: ተማሃሮ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ቤተ-መጻሕፍቲ ስራሕ ንምዝዛም: ንምጽናዕ ወይ መጽሓፍ ንምልቃሕ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ። ብተለምዶ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዝርከቡ ቤተ መጻሕፍቲ ድሕሪ ትምህርቲ ክሳብ ከባቢ ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ ክፉታት ይኾኑ። መብዛሕትኡ ግዜ ቤተ-መጻሕፍቲ ላፕቶፕ ኣለወን: እዚኣተን ድማ ኣብ መዓልቲ ወይ ድሕሪ ትምህርቲ ተለቂሕካ ስራሕ ቤት ትምህርቲ ክትዛዝም ትኽእል። ሓደ ተማሃራይ ቤተ-መጻሕፍቲ ምስ ተዓጽወ ላፕቶፕ እንተድኣ ኣድልይዎ : ምስ ሓላፊ ቤተ-መጻሕፍቲ ክዛራረቡ ይኽእሉ።

## ናይ ቤት ትምህርቲ ጂምናዝየም ኣጠቓቕማ

መባእታ ቤት ትምህርቲ:- ኣብ መዋእለ ህጻናት-8ይ ክፍሊ ዝርከቡ ተማሃሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ክፍሎም ኣብ ኣካላዊ ትምህርቲ ኣብ ጂምናዝየም ቤት ትምህርቲ ዝሳተፈሉ ግዜ መደብ ኣውጺኦም ኣለዉ። ዓበይቲ ተማሃሮ ክሳተፉ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናብ ክዳውንቲ ጂምናዝየም ክቕይሩ ይኽእሉ። ኣብ ኣካላዊ ትምህርቲ ዝግበር ተሳትፎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሪፖርት ካርድ ደረጃ ይወሃቦን ይስነድን። ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ: ተማሃሮ ካብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንምምራቕ እንተወሓደ ሓደ ናይ ኣካላዊ ትምህርቲ ነጥቢ የድልዮም። ሓደ ተማሃራይ ኣብ ኮርስ ኣካላዊ ትምህርቲ ክምዝገብ እንከሎ: ሓደ መዓልቲ ኣብዚ ክፍሊ  ይሳተፍ። ኣብ ክፍሊ ኣካላዊ ትምህርቲ ንምስታፍ ዩኒፎርም የድሊ።

## ንቤት ትምህርቲ ዝውሰድ ምሳሕ

መባእታ ቤት ትምህርቲ: መብዛሕትአን ኣብያተ ትምህርቲ ዌሊንግተን ካቶሊክ ኣብ መዓልቲ 2 ግዜ ተማሃሮ ክበልዓሉ ዝኽእሉ እየን። ንቤት ትምህርቲ ዝኸውን ምሳሕን ቅልል ዝበለ መግብን ምዕሻግ ውላድካ ንጽዑቕ መዓልታት ትምህርቲ እኹል ጸዓት ከም ዘለዎ የረጋግጽ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብያተ ትምህርቲ ንኹሎም ተማሃሮ ብነጻ ዝወሃብ ምቁር መግቢ ኣለወን። ናይ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ መደብ ምቁር መግቢ ኣብ ወፈያን ወለንተኛታትን እዩ ዝምርኮስ። እንተኺኢልካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ምስ ካልኦት ወለዲ ኣብ ምቁር መግቢ ንምሕጋዝ ብወለንታ ክትሰርሕ ኣብ ግምት ኣእቱ። ወለዲ ንህጻናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኽበልዕዎ ከም ፒዛ ዝኣመሰሉ ክገዝኡ ዝኽእሉሉ መዓልታት እውን ኣሎ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዕድጊ መግቢ ኣብ “School Cash Online” ይፍጸም። ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ: ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ተማሃሮ ሓደ ናይ ምሳሕ ግዜ ኣለዎም። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ንተማሃሮ ብነጻ ምቁር መግብታትን ናይ ቁርሲ መግብታትን ኣለወን። ውላድካ ኣብ መዓልቲ ትምህርቲ ዝርከብ መግቢ ኣበይ ከም ዝወስድ ንኽፈልጥ ንኣዕሩኽቱ ወይ ሰራሕተኛታት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ክሓትት ይኽእል።

## ኣገዳስነት ኣፋዊ  ዝርርብ ቋንቋ

ኣፋዊ ዝርርብ ቋንቋ መሰረት ክእለት ምጽሓፍን ምንባብን ኣብ ዝኾነ ቋንቋ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣፋዊ ዝርርብ ቋንቋ ንሓበሬታ: ሓሳባት: ስምዒታትን ሓሳባትን ንምትሕልላፍ ይጥቀመሉ። ህጻናት ንህጻናትን ዓበይትን ብምዝርራብን ብምስማዕን ናይ ኣፋዊ ቋንቋ ክእለት የማዕብሉ። ህጻናት ብዝኾነ ቋንቋ ዝያዳ ምትእስሳር ብዝገበሩ መጠን: ክዛረቡን ክርድእዎን ዝኽእሉ ቃላት ይውስኽ። ስነ-ቓላት: ሓደ ቆልዓ ክጥቀመሎምን ክርድኦምን ዝኽእል ብዝሒ ቃላት ንቕሓት ድምጺ: ህጻናት ብዛዕባ እቶም ቃላት ስሉጥ ንኽኾኑ ዝጥቀሙሉ ድምጽታት ዘለዎም ንቕሓት: ንቐሊልነት ርክብ የመልክት። ቅኑዕ ኣጠቓቕማ ቃላት: ግቡእ ፍጥነት ዘረባን ግቡእ ምርዳእ መግለጺን ከጠቓልል ይኽእል እዩ፦ ርክብ ትርጉም ኣለዎ። ምርዳእ ማለት ሓደ ቆልዓ ብዛዕባ እቶም ቃላትን ትርጉሞምን ክሳብ ክንደይ ርድኢት ከም ዘለዎ የመልክት።

መልእኽተኛ ቤት ትምህርቲ( School Messenger)
ካብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእ ውላድኩም ዝመጽእ ለውጢ ኣብ School Messenger (Safe Arrive) App ንምምዝጋብ ዝገበርኩምዎ ቀጻሊ ጻዕሪ ነመስግነኩም።

SchoolMessenger®